# ኣሸበርቲ፣ ኣብ ልዕሊ ህይወትን ንብረትን፣ህዝብን መንግስትን፣ ከውርድዎ ዝጸንሑ ገበናት፣ ብቕድመ ተኸተል ዝሕተቱ ኣካልት፣ መን'ዮም?

ካብ ክፍላ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ፣ ኣብ ሰለስተ ከተማታት ኤውሮጳ፣ ሓደ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ሓደ ኸኣ ኣብ ኣመሪካ፣ ብጠቅላላ፣ ሓሙሽተ ተኸታታሊ ቅብጸታዊ ስርሓት ሽብርተኝነት ተኻይዱ። ኣብ ሎንዶንን ኢጣልያን፣ ንብረትን ሰነዳትን ህዝብን መንግስትን ተቓዳዲዱ ተበታቲኑ፣ ብድሕሪኡ ዝዓበየ ተወሳኺ ዕንወት ከኣ፣ ናብ ዕለት 25 የካቲት ዘውግሓ ለይቲ፣ ኣብ ሰለስተ ከተማታት ስዊድን እተደኮና ማእከላት ኤርትራውያ ብሓዊ ዓንየን።




ገረግር-ምዉል-መርበብ ኣጀንዳታት ወያነ ዘሳሲ!!

እዚ ርኡይን ግሁድን ዝኾነ ተግባራት፣ ዝበልካ እንተበልካ ክኸወልን ክሽፈንን ዘይከኣል፣ ሓቢእካ ዘይሕባእ፣ ብዝኾነ መዐቀኒ፣ ብዘይ ምስምስ ግብረ-ሽበራዊ ተልእኾ እዩ። እቶም፣ ነዚ ሓደገኛ ተልእኾ ክፍጽሙ እተቐጽሩ ባእታታት፣ መን'ዩ ውጥናት ሓንጺጹ፣ መዊሉ ከዋፍሮም ዝጸንሐ፣ ኣብ ምትግባሩን ኣተገባብርኡን፣ ገበርቱን ኣተግበርቱን ከኣ ብዙሕ ሓተታ ዘድልዮ ኣይኮንን። ብዘይ ነግ-ፈረግ ስርዓት ወያነ ምዃኑ፣ ቐዳማይ ብሓላፍነት ተሓታቲ፣ ብምቕጻል ዝሕተት፣ ነፍሲ-ወከፍ መንግስቲ ኣብ መሬቱ፣ እዚ እከይ ፍጻመታት እተኻየደለን ሃገራትን፣ እቶም ነቲ ናይ ምንዕዓብ ተወሳኺ ነዳዲ ዝወሰኹ፣ ብዘይ ዕረፍቲ ክተኇትኹ ዝጸንሑ፣ ብጉልባብ ተጣበቕቲ መሰላት፣ ኣጀንዳ ናዕብን ህውከትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣወጁ ሓይልታት፣ ዘሕትቶም ምዃኑ፣ ስዒቡ ዝበርህ ነጥብምታት ክዝርዘር።

ከመይሲ፣ እዚ ነገራት፣ ብሓባር፣ ብቐረባ ክንከታተሎ ከም ዝጸናሕና፣ ኣብ ዝተፋላለየ ኣጋጣሚታት፣ ኣዴታት ደቀ-ኣንስትዮ ክኸትሩን ክዕምጹን፣ ሰላማዊ መደባት ህዝቢ ክርብሹን ዕግርግራት ክፍጥሩን፣ ንብረት ከባላሽዉ ከዕንዉን፣ ( ኣብ

ከተማ ኦክላንድ ካሊፎርንያ እተፈጸመ ምብልሻው ንብረት ማእከል ኤርትራውያን-ገበርቱ ተታሒዞም ኣብ ሕጊ ቀሪቦም ዝነበሩ ኣካል ናይ'ዚ ምኺኖም እፍለጥ) ንሰለስተ ዓመታት መመላእታ ክንዕዘብ ጸኒሕና፣ ኩሉ እቲ ክጽይቕዎ ዝጸንሑ ስርሓት፣ መንነቶም ዘረጋግጽ፣ ባዕላቶም፣ እንተስ ንጃህራ፣ እንተስ ብድንቁርና፣ ኣብ እተፈላለየ መርበብ ሓበሬታ፣ ፈይስ-ቡክን ከስፍርዎ ጸኒሖም፣ ነዚ ኣብ ቀረባ እዋን ዝፈጸምዎ ግብረ-ሽበራዊ ስርሓት እውን ሰኒዶሞ ኣለዉ።

ኣብ ኣፈጻጽማ ተልእኾን፣ ካብ መራሕቲ ወያነ (በረኸት ስምኦን፣ ስብሓት ነጋን) ዝውሃቦም ዝነበረ ምኽርን ምትብባዕን እውን፣ ኣብ'ቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ናይ ፓልቶክ ኮንፈራንሳት ብጋህዲ ክናዘዙ ከም እተሰምዑ፣ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ።

እዚ ኩነታት ካበይ ተበጊሱ ኣብ ምንታይ ጥርዚ ከም ዝበጽሐ ንምርኣይ፣ ንዓሰርተታት ዓመታት ምልስ ኢልና፣ እዚ ጃንዳ ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብወግዒ ኩናት ካብ ዝእወጀሉ ዕለት ኣትሒዙ፣ ነቶም ካብ ሰውራ ዝነደዩ ኣካላት፣ ኣብ'ቲ ዘካይዶ ዝነበረ ወራር ከም ስለያዊ መሳርሒ፣ ቦታታት ምሕባርን ምምራሕን፣ ከም ሰዓቤናቱ ድማ ህይወት ኣሻሓት ህዝብና ዘቕንጸሉ፣ መሳጊድን ኣድባራትን ክዓኑ፣ ብዕድመ ዝደፍኣ ፈልስቲ ኪጋሰሳ፣ መቓብር ሓርበኛታት ሬሳታቱ ተፋሒሩ ክበታተን፣ ነዞም ባእታታት እዚኦም ተሓንጊጥዎም ክጓዓዝ ጸኒሑን ኣሎን። እዞም ወያጡ ኢዶም ብደም ንጹህ ህዝብና ጨቅዩ ከም ዝጸንሔ ኣጸቢቕና ንፈልጥ። ካብ ኣእምሮና እውን ኣይተሰወረን።

ሕጂ እውን ወያነ፣ ካብ'ቲ እዋን እቲ ዝጀመሮ ተጻይነት፣ ጽልኡ ዛይዱ እምበር ኣይነከየን። ማዕረ-ማዕሪኡ ድማ፣ ካብ ዕለት ናብ ዕለት፣ ኣብ ልዕሌና ዘዝገደደ ጎዳኢ ተግባራት ክፍጽም ድቃስ ኣይወሰዶን። ዒላማታቱ ብቀጻሊ ከተግብሩ ዝዓሰቦም ዝተፈላለዩ ኣይታንቲታት፣(ረፉዓት) ብስም ተቓወምቲ ዘዋፍሮም ድማ፣ ዓመት ዓመት ቁጽሮም እናራበሐ፣ ሓደ ኣንጻር እቲ ካልእ ከም ዝወዳደር፣ ሓደ ክኣርግ ካልእ ሓድሽ መተካእታ እናኸተበ፣ ኣስማትን ሜላታትን እናቐያየረ፣ ኣብ'ዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ሓደገኛ መልክዕን ኣንፈትን ኣብጺሕዎም እርከብ።

ሕጂ ዝልዓል ሕቶ፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም ስለምንታይ ኣብ'ዚ ሰለስተ-ኣርባዕተ ዓመታት፣ ተግባራቶም ናብ ከም'ዚ ዓይነት ጽላለ ዓሪጉ? ብርግጽ እዚ ተግባራት እዚ ምስ ፍሹል ሽርሕታት ማዕቀብ ተኣሳሲሩ ክኸይድ ዝጸንሐ ተርእዮ እዩ። ኩሉ ዓይነት እገዳታት ኣብ ልዕሌና ከም ማይ ጥፍኣት ክዘንብ ውዲታት ተኻይዱ፣ ኣይሰርሓን። ነቲ እተቐየሰ መደብ፣ ኣብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፣ ኣብ ካልእ ኣህጉራዊ መጋባእያታት፣ ዓለም ንምድንጋር እተኻየደ ወረታት ወዘተ...፣ እዚ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ሓርበኛ ህዝቢ፣ እቲ ካብ ኣህግራዊ ማሕበር-ሰብ ኽንጸል እተገብረን ክግበር እተሃቀነን ግዳማዊ (ናይ ወጻኢ) ምንቅስቓስ ጸላእቲ፣ ብፍላይ ነቲ ንመንግስትን ህዝብን ንምፍልላይ ሓሲበምዎ ዝነበሩ መደብ፣ ከምቲ ኣብ ግዜ ወራር እተራእየ ጥሙር መኸተ፣ ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ መደቦም እውን ከም'ቲ ዝሓለፍ እዋን ዘጋጠሞም ፍሽለት ከጋጥሞም ከም ዝኽእል፣ ስለ እተገንዘቡ፣ ነዞም ልቕብቃብ ውዱባት በሃልቲ፣ ናይ ስራሕ ባህሊ ዘይብሎም ዕሩባት ሕልና፣ ኤርትራውያን ይኹኑ ኣይኹኑ ዘይፍለጡ ኣኻኺብካ “ዓለም ለኻዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት” ዝብል ስም ለጢፎም፣ ነቲ ናይ እገዳ ውሳነታት ናይ ህዝባዊ ደግፍ ከም ዘለዎ ንኽምስሉን፣ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሓሶትን ጸለመን ክነዝሕሎም፣ ዘይነበርዎ፣ ኔርና እናበሉ ከም መሳኻኽር ክጥቀምሎም፣ ነቲ ህዝቢ ዘካይዶ ዝነበረ መኸተ ድማ ኣንጻሩ ክዓጥቁ፣ ዝተማህዘ ጥበብ እዩ ኔሩ። ከም እተባህለ ግን ኩሉ ነገር ተሓናጀጉ። ከም ውጺኢቱ ድማ እዚ እንርእዮ ኩነታት ፈጢሩ።

ከምይሲ ሎሚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ሃገራዊ መንፈስ፣ እቲ ቀዳማይ ገዲም ተቃላሳይ ወለዶ ዝመስረቶ ናይ መከላኸሊ ደጀን፣ ብሓድሽ ወለዶ ክትካእ፣ ንተወፋይነቱን ጅግንነቱን፣ ወሪሱ፣ ሽግ ተወፍይነት ዓቲሩ፣ ሰንሰለት ቃልሲ ከይተበትከ ክቅጽል፣ ንነዊሕ ዝምክት ሓይሊ ክግንፍል ምርኣዮም እውን፣ ኣብ ዓለም እግሮም ዝርግጽሉ ባይታ እሾኽ ከም እተዘርኦ ኮይንዎም ጸኒሑ ኣሎ።

ኣሎ ዝበሃል ኩሉ ዓይነት ሽርሒን ጸለመን፣ ኣንጻር መሪሕነትና፣ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን መንግስትናን፣ ብኹሉ ዓይነት ቑንቑን መልክዕን፣ ዝተራቐቐ ስነ-ኣእምራዊ ዘመተን ዘዝነቦ ሓሶታት፣ ለውጢ ኣይርኣየን ። ነቲ ከም ዓረ ዝተርር ዝምድና ህዝብን መንግስትን ክበትኮ ዝኽእል ስሕለት እውን ኣይተረኽበን። ብኣንጻሩ እቲ ፍቕሪ መመሊሱ ደሚቑ።

ወያነ ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ እዋናት ሕልምታቱ ምስ መኸነ፣ ነዚ ምንቅስቓሳቶም ብፍሉይ ከማእዝኖ፣ ዓቕሊ-ጽበታዊ ድፊኢት ዝፈጠሮ ተልእኾ ንክፍጽሙ እዩ ተሃንዲዱ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለያ ብሔራት ኢትዮጵያ ኣብ ነንሕድሕዶም ዘቃተለ፣ ኣብ ናይ ገዛእ ኣባላቱ ከይተረፈ በዚ ናይ ቅንጸላ ሜላ ዝተሰርነቐ፣ ቦምባታት ኣብ ዕዳጋታትን ኣውቶቡሳትን ኣጻዊዱ ህዝቢ ዘህለቐ፣ ኣብ በዓል ኬንያን፣ ብዓቢኡ ድማ ነቲ ኣብ ሶማል ንዓመታት ዝፈጸሞ፣ ዘስካሕክሕ ሰብኣውን ንዋታውን ናይ ራዕድን ሽበራን ስርሓት ተልእኾ፣ ሎሚ ሓይልታቱ ናብ ኤውሮጳ ከውፍር እመጣጠር ኣሎ።

ካብ ኣባላት'ዘን ማሕበራቱ፣ ኣብ ከተማታት ትግራይን ካልኦት ስፍራታት ኢትዮጵያን ከም ብዓል ብሸፍቱን፣ ብጉልባብ ኣኼባታትን ዋዕላታትን፣ መዐለሚ ነቑጣ ኣጣጢሑ፣ (ኣብ ፈይስ ቡክ ወታሃደራዊ ክዳን ለቢሶም እተራእዩ ከም ዘለዉ) ሚልዮናት ዶላራት ኣፍሲሱ፣ ብሉጻት ዝበሎም ካድራቱን፣ ላዕለዎት መራሕቲ ማለሊት ነዚ መደባት ከተግብሩ ከንቀሳቕሶም ጸኑሑ ኣሎ።

እቲ ዝቕጽል ብኻላኣይ መስርዕ ዝሕተቱ ኣካላት፣ ሰነዳት (ውኪሊክ) ከም ዝጠቕሶ፣ እቶም ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም፣ ነዞም ዝብልናዮም ባእታታት፣ ካብ እተበገስሉ ስፍራታት ኣትሒዝካ ክሳብ'ቲ ክዕቀብሉ እተመደበሎም ሃገራት ዝኣትውን ዝመሓደሩን፣ ዘድሊ ቀረብን ሓገዝን ከዋድድሎም፣ ነቲ ዝግበር ሓገዝ፣ ከከም ኩነታቱ እናተራእየ፣ ኣካላት መንግስትን ሓውሲ መንግስታውያን ትካላትን፣ ሓላፍነት ወሲደን ክደፍኣሉ እዩ ተወጢኑ፣ ኮይኑ ኸኣ ከም በዓል ላዕለዋይ ኮሙሽነር ስደተኛታት ዓለም፣ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ተደኲነን ዘለዋ "ማዓስከራት ስደተኛታት" ኣብ'ቲ መዕቆቢ ሰለይቲ ወያነ፣ ዘድልይዎም ሰባት፣ ትምኑይ ኤርትራዊ ወረቓቕቲ መንነት እናሰኑዑ፣ ንግዳም ክወጽኡ፣ ኣብ'ዘን እተጠቕሳ ምንቅስቓሳት ብምስላኹ ድማ ንጡፋት ተዋሳእቲ ክኾኑ ዘኽእል ምቹእ ባይታ ፈጢርን፣ እዚ እናኾነ፣ ነቲ ኣብ'ዚ ካምፖታት'ዚ ዝፍጸም መወዳድርቲ ዘይርከቦ ግፍዕታት፣ ጾታዊ ዓመጻትን፣ ግን ከቃልሑ ትብዓት ኣይረኸቡን።

ድሕሪኡ ኣብ ዘዝኣተውዎ ሃገራት፣ ቀረብን፣ ንምንቅስቓሳቶም ዘድሊ ስልጠናታትን፣ ጥጡሕ ኩነታት እናፈጠሩ፣ ንዓታቶም ዝጣበቓ ማሕበራት፣ ሰፊሕን ክፉትን መሳኹቲ መራኸቢ ብዙሃን፣ ኣማኸርቲ ጋዜጠኛታት፣ ማዕከናት ረድዮ (ኣብ ፈረንሳ፣ ብዓል ሪፖርተርስ ዊዝኣውት ቦርደርስ፣ ኣብ ስዊድን፣ ከም በዓል ኤክስፕረሰን ወዘተ...) ከምኡ ውን ካልኦት መሰል ወዲ ሰብ ንጣበቕን ንግብረ-ሰናይ ስርሓት ጠጠው ዝበልና ኢና እናበላ፣ ኣብ'ዚ ዘይቅዱስ ተግባራት ዝነጥፋ ድማ፣ ብኻላኣይ ደረጃ ዝሕተቱ ይኾኑ።

ምስ'ዚ ብምክትታል፣ እተን ምስ'ዚ ስርዓት ጽቡቕ ዝምድና ዘለወን ሃገራት፣ ነዚ ወያነ ኣብ ሃገራት እንዳማቱ ክገብሮ ዝጸንሐ ሽበራዊ ምንቅስቓሳት፣ ምናልባት ኣብ መሬተንን ህዝበንን ስለ ዘይነበረ፣ ከም ኣሰካፊ ጌረን ኣይወሰድኦን ክብሃል እኩኣል ኔሩ እኸውን፣ ሕጂ ግን ነቲ ኣብ ሶማል ዝለመዶ፣ ካብ ሶማል ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን፣ ፍሑኽ እናበለ ክቕልቀል እርኤ ስለ

ዘሎ፣ እቲ ንመንግስቲ ኤርትራን ህዝባን ንመጉድኢ ተባሂሉ ብሸለልትነት ክሰርሓሉ ዝጸንሓ ኣተሓሕዛ፣ መንነቶም ብግቡእ ከይተጻረየ፣ ብስም ኤርትራውነት ብጃምላ “ዕቑባ” ክሓቱ ዝጸንሑ፣ እሞ ኸኣ ነዚ ለካሚ ተግባራት ክፍጽሙ፣ ስቕ ምባል፣ ሎሚ ቀይሕ መስመር ተጣሒሱ፣ ብዛዕባ ሓቀኛ መንነቶም ዳግመ ዕቱብ ተፍትሽ ክገብራን፣ ኣራሚ ስጉምቲ ክወስዳን፣ ሰዓቱ ኣኺሉ ኣሎ።

ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ክጥቀስ ዝግኦ ነጥቢ፣ ኣብ ድሮ ናይ'ቲ ባርዕ ኣብ ማእከላት ኤርትራውያን፣ ሓደ-ሓደ ባእታታት ዝተገራጨወ ዘረባታት ኣስሚዖም። ገሊኦም ንሰልፍታት ዝውክሉ፣ ገሊኦም ኣባላት ባይቶ በሃልቲ፣ ዘገርም'፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም፣ እንታይ'ዩ ስርሖም? ብግዜን ገንዘብን ህዝቢ ስዊድን፣ ዝምድናታት መንግስቲ ስዊድንን ኤርትራን ከበላሸዉ ድዮም፣ ህዝቢ መሪጽዎም? ንመን እዮም ዝለኣኣኹ? ምስ ዕላምኦም ዘይተፈልጠ ናይ ግዳም ሓይልታት ተሓናጊሮም ብዘይ ቀይዲ ክዕንድሩ፣  መን እዩ  ኣጀኹም ዝብሎም ዘሎ? እንታይ ይገብሩ፣ ክፍለጥን ጥቡቕ ምክትታል ክግበረሎም እግባእ። መንግስቲ ስዊድን ድማ፣ ነቲ ምጽራይ ብቕንዕናን ስሉጥን ግሉጽን ዝኾነ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ክገብረሉ ከቢድ ሓላፍነት እስከም።

ኤርትራዊ ካብ ርሑቕን ቀረባን ኮይኑ፣ እቲ ሓዊ ጸልይዎ እዩ፣ ትኪ ናይ'ቲ ቃጸሎ እውን ንዓይኒ ነፈሲ-ወከፍ ዜጋ በሊዕዎ፣ ብልቢ ድማ ሓዚኑ፣ ግን መንፈሱ ኣይተሰብረን ኣይተረበጸን'ውን። ብኣንጻሩ ብህድኣትን ዓቕልን፣ ርግእ ኢሉ ክሓስብ፣ መኣዝኑ ድማ ካብ ርጉእ ኣእምሮ፣ ርጉእን ጥዑይን መደባት ቀይሱ፣ ንግብረ ዓመጽ፣ ብሓይሊ ኣእምሮ ብስልጡን ባህሊ ክገጥሞ፣ ክስዕሮን ምኺኑ ኣለልዩ ክምርሽ፣ ናብ'ቲ ቀንዲ መቃለሲ ባይታ ኣስተብሂሉ፣ ነቲ ወያነን ዓንገልቱን፣ ዘዋድድዎ ዘለዉ መፈንጠርያን፣ ኣጀንዳታት ጸይቂ ከሳሲ ሃንደራእ ከይበለ፣ ንመኸትኡ ከም ተወሳኺ ጸዓት፣ ንመንፈሱ ስንቂ ውሲዱ መገዱ ክቕጽል'ዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

መኸተና ክዕወት'ዩ!!

03/07/2013

(እዛ ጭራም ጽሕፍቲ፣ ነታ ወያነ፣ እቲ ዝበሃል መዐስከራት ንመመልመሊ  ዕንወት ሃገር ከም ዝጥቀመሉ ንምድማቕ ተባሂላ ዝሰፈርት እያ፣ ምንጪ ሓበሬታ፣ ኣብ ታሕቲ ኣሎ)

The Eritrean Movement for Democracy and Justice (EMDJ), a new political organization founded by Eritreans exiled to Ethiopian refugee camps, is convening its first congress in a camp near Shire, Ethiopia, close to the Eritrea-Ethiopia border.

The organization, which claims it has an armed wing operating inside Eritrea was founded in April 2011. The members of the organization are drawn from the Eritrean refugee camps in Ethiopia and they are mostly escapees from Eritrea……………[http://www.ethiopianreview.com](http://www.ethiopianreview.com)

April 2, 2012